ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA

ቁጽሪ 34

ጉንበት 2021

## መጠንቀቕታ! ሎሚ ዝለዓለ ለበዳ ኣብ ኣውራጃ ካልማር!

ሎማ እዚ ለበዋ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ብቕልጡፍ የስፉሕፍሕ ኣሎ። ካብ ካልኦት ክፋል ናይዛ ሃገር ብዝለዓለ። ስለዚ'ያ ሓኪም ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ሊዛ ላበ ሳንደሊን ብጣዕሚ ዕትብቲ ዘላ። ካብ ካልኦት ኣውራጃታት ንላዕሊ ዝተረረ ቀይድታት ተወሲኑ'ሎ።

- ዓበይቲ ሰባት ኣብ ዕጹው ገዛ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብሩ የብሎምን
- ስፖርታዊ ንጥፈታት ዘለዎም መንእሰያት ክወዳደሩ የብሎምን
- ሰባት ብዓላት ንምጽንባል ዝእከብሉ እንግዶት ወይ ጽንብላት ከተዳሉ የብልካን።

**እዚ ክሳብ 16 ጉንበት ግብራዊ ይኸውን!**

## እዚ ሕብረተሰብ መታን ክኽፈት ተኸተብ

ዳርጋ ኩሎም ምስ ተኸተቡ እዚ ሕብረተ ሰብ ክኽፈት ይኽእል'ዩ። ኣብ ኣውራጃ ካልማር ሰብ በብዕድሚኡ'ዩ ዝኽተብ። ተራኻ መዓስ ከምዝኾነ ተኸታተልን ንኽትክተብ ከኣ ተቐላጠፍን። ሽዑ ክንተሓጋገዝ ኢና። ምኒስተር ማሕበራዊ ጉዳያት ሌና ሃለንግሬን 30% ካብ ዓበይቲ ሰባት ኣብ ሽወደን እንተወሓደ ሓሓደ ዶስ ተዋሂቦም'ዮም። እዚ ጽቡቕ'ዩ። እንተኾነ ግን ካብዚ ክበልጽ ኣለዎ። ኩሉ ሰብ ብዝቐልጠፈ ዝተኸትበሉ መጠን ሕብረተሰብ ብዝቐልጠፉ ክኽፈት'ዩ።

ሎሚ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ንኣብ መንጎ 50ን 59ን ዝዕድሚኦም ሰባት ናይ ክታበት ግዚኦም ኣኺሉ'ሎ። ደብዳበ ኣይመጸኩምን'ዩ እንታይ ድኣ ሎሚ ንኽትክተቡ ቆጸራ ሓዙ።

ኣብ ዝምልከተካ ማእከል ጥዕና ወይ ኣብ ሓደ ካብ እዞም ሰለስተ ማእከላት ክታበት ተኸተብ። ኣብ ካልማር: ኦስካርሽሃምን ቬስተርቪክን ኣለው። ቅድሚ ምኻድካ ግን ኩሉ ግዜ ኣቐዲምካ ቆጸራ ክትሕዝ ኣለካ።

ኢንግሊዜኛ ወይ ቅሩብ ቋንቋ ሽወደን ትኽእል እንተኾንካ ኣብ 1177.se ኣቲኻ ቆጸራ ሓዝ። እንተዘይኮይኑ ናብ ዞባ ደዊልካ ምስ ማእከል ጥዕናኻ ከራኽቡኻ ክትሓትት ትኽእል። ናይ ዞባ መራኸቢ ቁጽሪ ተለፎን 0480-84000 እዩ።

እዚ ለበዳ ብዝቐልጠፈ ደው ከነብሎ እንተዘይክኢልና ሓደሽቲ ዓይነታት ኮሮና ናይ ምምጻእ ስግኣት ኣሎ። ዝኣኽሉ እንተዘይተኸቲቦም ግን ሓዱሽ ለበዳ ንኽይመጽእ ስግኣት ኣሎ። ስለዚ'ዩ ከኣ ኩሉ ብዝቐልጠፈ ክኽተብ ኣገዳሲ ዝኸውን።

## ብዛዕባ ክታበት ሓበሬታ ኣብ ምዝርጋሕ ንተሓጋገዝ

ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ኣብ ስታስቲካዊ ሓበሬትኡ ኣብ ሽወደን ብዙሓት ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝተወልዱ ኣብ ክታበት ድሒሮም ኣለው። ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ሓበሬታ ዘይበጽሖም ከይህሉ ሻቕሎት ኣለዎም። ስለዚ ብዛዕባ መዓስ ሰብ ክኽተብ ኣለዎን ብኸመይ ይካየድን ሓበሬታ ኣብ ምዝርጋሕ ተሓጋገዝ።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ብዘይካ ብቋንቋ ሽወደን ብብዙሓት ካልኦት ቋንቋታት ፊልምታት ኣሎ።

---

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር: ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar

Krissamverkan Kalmar län

Kalmar kommun